## <u>፫. ዕለተ ሠሉስ ዘሕማማት።</u>

እዛ ዕለት እዚኣ ጐይታናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣይሁድ ብዛዕባ ሥልጣኑ ዝተሓተላ ዕለት እያ። ብዕለተ ሰኑይ ነቶም ኣብ ቤት መቕደስ ዚሻየጡ ዝነበሩ ብምስጓጓ "በየናይ ሥልጣን ኢኻ ነዚ ትገብር ዘሎኻ፧" ኢሎም ሓተትዎ። ከምዚ ኢሎም ኪሓትዎ ኸለዉ ዚሓስብዎ "ንሽቃጦ ምስጓጉን ምፍቃድን ሥራሕ መንግሥቲ እዩ፣ ስለዚ በየናይ ሥልጣን ትገብር ኣሎኻ እሞ ንበሎ፣ 'ብሥልጣነይ" እንተበለ ንስኻ ኣንጻር ንጉሥ ኢኻ እትኸይድ፣ ኢልና ንኽሰሶ" ኢሎም ከም ዚሓትዎ ስለዝፈለጠ ንሕቶኦም ብሕቶ ሓቲቱ ኣፎም ኣትጕዞም። ማቴ፦20፤23-25።